# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝ
# ዓመታዊ ገምጋም ኩለን ህዝባውያን ማሕበራት ኣካይዶም፡ መደባት 2011 እውን ተሊሞም




**መልበርን 30 ነሓሰ 2010፡** ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝ፡ ኣብ ከተምኦም ናይ ዘለዋ ኩለን ህዝባውያን ማሕበራት ሓድነት ንምትራር ዝዓለመ "ሓደነትና መግለጺ መንነትና'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ንኽልተ መዓልቲ ሰፊሕ ዓውደ-መጽናዕቲ ከምዘካየዱ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ካብ ከተማ መልበርን ሓቢሩ።

እዚ ትማሊ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ከተማ ፐርዝ ዝተኻየደ ዓውደ-መጽናዕቲ፡ ስሙር ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ምዕራብ ኣውስትራልያ፡ ማሕበር ደቀ-ንስትዮ ከተማ ፐርዝ፡ ጉጅለ ህግደፍ ከተማ ፐርዝ፡ ሽማግለ መኸተን ካልኦት ህዝባውያን ማሕበራትን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ዘካየድኦ ንጥፈታት ዝግምግምን፡ መጻኢ መደብ 2011 ዝተለመ ዓውደ-መጽናዕቲ ኮይኑ፡ ኣብ ቀጻሊ ብኣድማዕነት ንምስራሕ መደባት ተሓንጺጹ።

ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር ኣብቲ ዓውደ-መጽናዕቲ ተረኺቡ "ምሕያል ውዳበ ህዝባውያን ማሕበራት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ መጽናዕታዊ ወረቐት ከቕርብ ከሎ፡ ምሕያል ማሕበረ-ኮማትን ግንባርን፡ ምሕያል ኮሚቴታት መኸተን ምርግጋጽ ቀጻልነትን፡ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ፌስቲቫላትን ሃገራውያን በዓላትን ካልእን ኣብ ዝብል እርእስትታት ሰፊሕ መብርሂታት ሂቡ።

ኣቶ በሽር ብተወሳኺ፡ ሓያል ውዳበ ማሕበራት ደቀንስትዮን መንእሰያትን ክህሉን፡ ሓያል ዝምድና ህዝብን መንግስትን ቀጻልነት ክህልዎ ኣብ ዝብል ኣርእስትታት'ውን ሰፊሕ መብርሂ ክህብ እንከሎ፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝቢ ሓድነቱ ብምድልዳል ኣብ ሰፋሕቲ መደባት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣበርክቶኡ መታን ከሕይል፡ ተራ ናይ'ዘን ህዝባውያን ማሕበራት ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ ኣቶ በሽር፡ ኣብ ኲሉ ስርሓት ናይ'ተን ማሕበራት ርእሰ-ትኣማንነት ኣሕዲረን፡ ብዲሲፕሊናዊ ኣገባብ ንኽሰርሓሉ ክሕግዝ ዝኽእል፡ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣቕሪቡ። ኣብ መጨረሻ ድማ ንህልው ኩነታት ሃገርና ከባቢኡን፡ ብመንጽር'ቲ ኤርትራ ኣብ ኩለንትናዊ መደባት ልምዓትን ዲፕሎማሲያዊ መዳያትን እተመዝግቦ ዘላ ዓወታት ሰፊሕ መብርሂ ክህብ እንከሎ፡ ካብ ህዝቢ ንዝቐረቡ ሕቶታትን ርእይቶታትን ግቡእ መልሲ ተዋሂቡ።



ኣብ ምዕራብ ኣውስትራልያ፡ ከተማ ፐርዝ ዝርከቡ ኤርትራውያን ብሓያል ውዳበ ክንቀሳቐሱ ዝጸንሑን፡ ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ መኸተ ዓመታት ኣብ ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት ብልዑል ሓይሊ ዝዋስኡ ዘለዉ ኮይኖም፡ ብፍላይ ኣብ ምንባይ ስድራቤት ሰማእታት፡ ሽማግለ መኸተ ብምቛም ድማ ኣብ ምድንፋዕ ወፈያታት መኸተን ኩሉ ሃገራዊ ግቡኣት ኣብ ምምላእን ሓያል ኣበርክቶ የካይዱ ከምዘለዉ ይፍለጥ።